ቤት ምኽሪ ጸጥታ 31 ጥቅምቲ 2000

# ውሳነ ቁጽሪ 1325 (2000)

## ብቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ መበል 4213 ኣኼባ፣ ብ 31 ጥቅምቲ 2000 ዝጸደቐ

ቤት ምኽሪ ጸጥታ፣

ናይ 25 ነሓሰ 1999 ቁ. 1261 (1999)፣ ናይ 17 መስከረም 1999 ቁ. 1265 (1999)፣ ናይ 19 ሚያዝያ 2000 ቁ. 1296 (2000)፣ ናይ 11 ነሓሰ 2000 ቁ. 1314 (2000) ከምኡውን ነቲ ጉዳይ ዝምልከት ናይ ፕረዚደንቱ መግለጺታት ብምዝካር፣ ብተወሳኺ፣ ብኣጋጣሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ መሰላት ደቀንስትዮን ኣህጉራዊ ሰላምን (ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ) 8 መጋቢት 2000 (ክፍሊ/6816) ፕረዚደንቱ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ብምግንዛብ፣

ከምኡውን መብጽዓታት ናይ ቤጂንግ ኣዋጅን ተግባራዊ መምርሕን (ዓ/52/231) ምስኡ'ውን "ደቀንስትዮ 2000፣ ጾታዊ ማዕርነት፣ ልምዓትን ሰልምን ን 21 ክፍለ ዘመን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተኻየደ ፍሉይ ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ውጽኢት ናይ ዝኾኑ ሰነዳት መግለጺታት ብምዝካር፣

ዕላማታትን መምርሕታትን ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ከምኡድማ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ትሕቲ ቻርተር ምዕቃብ ሰላምን ጸጥታን ዘለዎ ቀዳማዊ ሓላፍነት ብምስትውዓል፣

ብሰንኪ ግጭታት ውግእ ብዝያዳ ዝጥቀዑ ደቀንስትዮን ቆልዑን ብምዃኖም፣ ስደተኛታትን ተመዛበልትን እውን ግዳያት ብረታዊ መጥቃዕትታት ስለዝኾኑ፣ ስግኣቱ ብምግላጽ፣ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ናይ ኣህጉራዊ ሰላምን ዕርቅን ዘለዎ ሕማቕ ተጽዕኖ ብምርዳእ፣

ግጭታት ኣብ ምውጋድን ምፍታሕን ከምኡውን ኣብ ምህናጽ ሰላም፣ ደቀንስትዮ ዘለወን ኣገዳሲ ተራ ብምምስካር፣ ስለዚ ከኣ ንምዕሩይ ተሳትፎአንን ምሉእ ተኻፋልነተንን ኣብ ምዕቃብን ምህናጽን ስላምን ከምኡ ድማ፣ ኣብ ምክልኻልን ምፍታሕ ግጭትን ዝህልወን ሓላፍነት ንምዕባይ ጸቒጡ ብምስማር፣

ኣብ እዋን ግጭትን ድሕሪኡን፡ ምእንቲ መሰል ደቀንስትዮ ዝከላኸል፡ ናይ ኣህጉራዊ ግብረሰናይን ሰብኣዊ መሰልን ሕጊ ብምሉኡ ኣብ ተግባር ኸኽውዕል ብምትሕስሳብ፡

ምጽራግ ነቶግትን መደባት ኣፍልጦኦምን፡ ፍሉይ ቀላሕታ ደቀንስትዮ ከምዘድልዮ ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት ክግንዘብዎ ከምዘለዎም ብምብራህ፡

መስርሕ ምሕላው ሰላም፡ ብመንጽር ጾታዊ ሚዛን ክቐየስ፡ ብህጹጽ ክስራሓሉ ከምዘለዎ ብምርዳእ፡ ነዚ ብዝምለከት ከኣ፡ ንጾታ ቀዳምነት ዝህብ ኣዋጅ ዊንድ ኦክን ንጾታዊ ሱታፌ ቸኹረት ዝህብ፡ ናይ ናሚብያ ተግባራዊ መደብ ኩለ-መዳያዊ ድጋፍ መስርሕ ሰላም (S/2000/693) ብምቕባል፡

ኣብቲ ምክልኻል ንዝተዋፈሩ ኩሎም ሓይልታት ዓቀብቲ ሰላም ፍሉይ ስልጠና ንምሃብ፡ ኣብ ግዜ ውግእ፡ ፍሉይ ጠለባትን መሰላትን ደቀንስትዮን ቆልዑን ንምክትታል፡ ዝእምም፡ ኣብ ናይ 8 መጋቢት ፕረስ፡ ብፕረዚደንቱ ዝቐረበ መግለጺ ብምስትውዓል፡

ብረታዊ ግጭት ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ዝህልዎ ተጽዕኖ ተረዲኡ፡ ን00ን ንምሕላውን ውሕስነት ኸኽህልወን ከአ ኣተግበርቲ ትካላት ኣማሊኡ፡ ኣብቲ ናይ ሰላም ጻዕሪ ምሉእ ብምሉእ ከምዝሳተፋ ምግባር፡ ኣብ ምሕላውን ምድልዳልን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምርዳኣ፡

ብረታዊ ግጭት ኣብ ደቀንስትዮ ዘስዕቦ ጽልዋ ብኣሃዛዊ መዝገብ ክትሓዝ ዘለዎ ኣገዳስነት ብምርዳእ፡

1. ኣብ ሃገራዊ፡ ዞናውን ኣህጉራውን ትካላት፡ ግጭታት ንምክልኻል፡ ብጥንቃቐ ንምምራሕን ንምፍታሕን ውሳነ ዝወሃበሉ ጽፍሕታት ውክልና ደቀንስትዮ ክዓቢ ውሕስነት ክህባ ኹለን ኣባል ሃገራት የምሕጸን።

2. ኣብ ምፍታሕ ግጭትን መስርሕ ሰላምን ዝህልው ናይ ውሳነ ጽፍሕታት ተሳትፎ ደቀንስትዮ ንምዕባይ ዝሓንጸጾ ስትራተጂ ተግባራዊ መደቡ (A/49/587) ኸተግብር ንዋና ጸሓፊ የተባብዕ።

3. ደቀንስትዮ ወከልትን ልኡኻትን ኮይነን ኣብ ክንድኡ ቤት ጽሕፈታት ዝመርሓ ክምድብ ንዋና ጽሓፊ ሓደራ ይህብ። ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት ከኣ ኣባል ሃገራት ሕጹያት ናብ ዋና ጽሓፊ ከቕርባን ንሱ ከኣ፡ ኣብቲ ወትሩ ዝሕደስ ምእኩል ሓበሬታ ክካተትን ይጽውዕ።

4. ኣብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ በረኻ ስርሒታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ወታሃደራዊ ተዓዛብነት፡ ሲቪል ፖሊስ፡ ሰራሕተኛታት ሰብኣዊ መሰልን ግብረሰናይን፡ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኸኽሰፍሕ ንዋና ጽሓፊ ብተወሳኺ ይምሕጸን።

5. ኣብ መስርሕ ሰላም ጾታዊ ሚዛን ክደላደል ሰናይ ድሌቱ እናገለጸ፡ ኣብ ናይ በረኻ ስርሒታት ከኣ ምቹእ ኣብ ዝኾነሉ፡ ጾታዊ ተሳትፎነት ክጽንብር ንዋና ጽሓፊ ይምሕጸን።

6. ኣብ ምዕቋብ፣ ኣብ መሰልን ፍሉይ ጠለባትን ደቀንስትዮ፣ ስልጠና፣ ከምኡ ከኣ፣ ኣብ ስርሒታት ምሕላውን ምህናጽን ሰላም ብዝምልከት፣ ጥቕሚ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ብምጉላሕ፣ ዋና ጽሓፊ ንኣባል ሃገራት ናይ ስልጠና መምርሕን ሓገዝቲ ጽሑፋትን ከማላኣሎም ይሓትት። እዞም ኣቕዲሞም ዝተጠቕሱ ኣመለኻኽታታትን ከምኡ ድማ፣ ኣብ ዝምደቡ ወታሃደራዊ ወፍርታት፣ ሲቪል ፖሊስ ሰራሕተኛታትን ኣብ ሃገራዊ ናይ ስልጠና መደባትን፣ ስልጠና ኣፍልጦ HIV/AIDS ፣ ክጠቓለል፣ ንኣባል ሃገራት ይዕድም። በተወሳኺ፣ ሲቪል ሰራሕተኛታት ዓቀብቲ ሰላም፣ ተመሳሳሊ ስልጠና ከምዝረኽቡ ክረጋገጽ ይሓትት።

7. ምስቶም ካሎኦት ከም፣ ምወላ ሕቡራት መንግስታት ንደቀንስትዮ፣ ምወላ ሕቡራት ሃገራት ንቆልዑ፣ ዝለዓለ ኮሚሽነር ስደተኛታትን ካሎኦት ኣገደስቲ ኣካላትን ሕቡራት ሃገራት፣ ዝካየድ ኣገደስቲ ምወላታትን መደባትን፣ ኣባል ሃገራት፣ ን ጾታዊ ተኣፋፍነት ዝምልከት ስልጠና ኣብ ዝግበር ጻዕርታት፣ ወለንታዊ ፊናንሳዊ፣ ቴክኒካዊን ሎጅስቲካውን ሓገዝን ከዕብያ ይምሕጸን።

8. ኹሎም ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝዋስኡ ወገናት ኣብ ዝርርብን ስምምዕ ምትግባር ሰላምን ጾታዊ ሚዛን ክሕልው ይጽውዕ። ገለ ካብቶም ዝጠቓለሉ፣

   (ሀ) ኣብ እዋን ተሰጕግካ ናብ ሃገርካ ምምላስን ተመሊስካ ምስፋርን፣ ከምኡውን ንምሕዳስ፣ ምጥያስን ድሕረ-ግጭት ምህናጽን፣ ፍሉይ ጠለባት ደቀንስትዮ ኣብ ግምት ዘእትው ስጉምትታት፣

   (ለ) ተበግሶ ሰላም ብደቀንስትዮ ውሽጢ ሃገርን ዓዳዊ መስርሕ ምፍታሕ ግጭትን ዝድግፉ ስጉምትታት፣ ከምኡ ከኣ ነቶም ኣብ ኩሉ ኣቓውማ ትግባረ ስምምዕ ሰላም፣ ንደቀንስትዮ ዝሕውሱ ስጉምትታት፣

   (ሐ) ደቀንስትዮ ንምዕቋብን ሰብኣዊ መሰለን ንምኽባርን፣ ብፍላይ ምስ ቅዋም፣ ኣፈጻጽማ ምርጫ፣ ፖሊስን ፍርድን ተዛሚዶም ዝውሰዱ ስጉምትታት፣

9. ኩሎም ብረታዊ ግጭት ዝምልከቶም ኣካላት፣ ንደቀንስትዮ ዝምልከት ኣህጉራዊ ሕጊ ምሉእ ብምሉእ ከኽብሩ ይጽውዕ። ብሕልፊ ከም ሰላማውያን ደቀንስትዮ ን00ን ዝምልከት፣ ኣብ ትሕቲ ናይ 1951 ናይ ጀኔቫ ስምምዕ ዝትግበሩ ፍሉይ ግዴታታትን ናይ 1977 ናቱ ተወሳኺ ፕሮቶኮልን፣ ናይ 1951 ስምምዕ ስደተኛታትን ናይ 1967 ናቱ ፕሮቶኮልን፣ ናይ 1979 ስምምዕ ምውጋድ ኩሉ ዓይነት ኣድልዎ ኣንጻር ደቀንስትዮን ናይ 1999 ናቱ ኣማራጺ ፕሮቶኮልን፣ ናይ 1989 ስምምዕ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መሰላት ቆልዑን ናይ 25 ግንቦት 2000 ናቱ ክልተ ኣማራጺ ፕሮቶኮላትን፣ እዚኣቶም ኩሎም ከኽበሩ ይጽውዕ። ኣገዳስነት ዓንቀጻት ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ወንጀል ድንጋገ ሮማ ክስትውዓለሉ የተሓሳስብ።

10. ኩሎም ተኻፈልቲ ብረታዊ ግጭት፣ ጾታዊ ጎነጽ ብፍላይ ከኣ ምግሳስን ካሎኦት ዓይነታት ጾታዊ ዓመጽን ከምኡውን ኣብ ኩነታት ውግእ ኩሎም ዓይነት ጎነጻት፣ ንምክልኻል ፍሉይ ስጉምቲ ክወስዱ ይጽውዕ።

11. ንፋሉልነት መኸተምታ ክግበረሉ፣ ብናይ ህልቂት ሓላፍነት ንዝሕተቱ፣ ከም፣ ኣንጻር ሰብኣውነት ዝቐንዑ ወንጀላትን ከምኡውን፣ ምስ ጾታውን ካልእን ዓመጽ ኣንጻር ደቀንስትዮ ዝዛመድ ናይ ውግእ ወንጀላትን ናብ ሕጊ ክቐርቡ፣ ይጽውዕ። ኻኽምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ወንጀላት ከኣ ብዝከኣል መጠን ካብቲ ንምሕረት ዘፍቅድ ዓንቀጻት ክንጸሉ ኣትሪሩ ይጸቅጥ።

12. ውሳነታት 1208 (1998) ናይ 19 ሕዳር 1998ን 1296 (2000) ናይ 19 ሚያዝያ 2000ን ብምዝካር፣ ሰለማውያን ሰባት ክኽብሩ፣ መዕቆብን ሰፈራታትን ስደተኛታት፣ ካብ ኣሰራርሓኦም ጀሚርካ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዘለዎምን ፍሉይ ጠለባት ደቀንስትዮ ዘማልኡን ከምዝኾኑ ከረጋግጹ፣ ኻኹሎም ኣብ ብረታዊ ግጭት ዝሳተፉ ኣካላት ይጽውዕ።

13. ነቶም ኣብ ምፍታሕ ዕጥቂ፣ ምስንባት ሰራዊትን ምጥያስን፣ መደብ ኣብ ምሕንጻጽ ዝሳተፉ ኩሎም፣ ናይቶም ተዋጋእቲ ነበር ደቅንስትዮን ደቅተባዓትዮን ከምኡውን ናይቶም ኣብኦም ዝምርኮሱን ዝተፈላለየ ድሌታት ኣብ ግምት ከእትው፣ የተባብዕ።

14. ብመሰረት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ 41፣ ስጉምትታት ኣብ ዝውሰደሉ ግዜ፣ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ሓያል ጽልዋ ከምዘለወን ብምግንዛብ፣ ፍሉይ ጠለባት ደቀንስትዮ ኣብ ግምት ዘእተወ ሰብኣዊ ምሕረት ክግበር፣ ድልውነቱ የረጋግጽ።

15. ምስ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ጉጅለታት ደቅንስትዮ ብምምኽኻር፣ ተልእኾ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፣ ጾታዊ ኣድህቦታትን መሰላት ደቀንስትዮን፣ ከምዘኽብር ንምርግጋጽ፣ ድሌቱ ይገልጽ።

16. ብዛዕባ ጽልዋ ብረታዊ ግጭት ኣብ ደቅንስትዮ፣ ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ምህናጽ ሰላም ከምኡ ከኣ፣ ጾታዊ ምኣዝናት መስርሕ ሰላምን ምፍታሕ ግጭትን፣ ዝምልከት መጽናዕቲ ከካይድ ን ዋና ጽሓፊ ይዕድም። ብተወሳኺ፣ ጸብጻብ ውጽኢት መጽናዕቱ ንቤት ምኽሪ ጸጥታ ከረክብን ኩለን ኣባል ሃገራት ሕቡራት ሃገራት ከምዝረኽብኦ ክገብርን ይዕድም።

17. ኣብቲ ናብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዘቕርቦ ጸብጻብ፣ ገስጋስ ጾታዊ ሱታፌ ኣብ መላእ ተልእኾ ምዕቃብ ሰላምን ካሎኦት ኩሎም ምስ ደቀንስትዮ ዝዛመዱ መዳያትን ከጠቓልል ን ዋና ጽሓፊ ይሓትት።

18. ኣብዚ ጉዳይዚ ሕጋዊ ተሓላቕነቱ ብንጥፈት ክቕጽል ይውስን።